# ቀዳማይ ዓመት

# ር. ሊ.ቃነ ጳጳሳት ኣቡነ ቡሩኽ መ. ፲፮

# ኣብ ምምራሕ ቤተክርስትያን

# (2005 - ሚያዚያ 19 - 2006)



ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ቡሩኽ መ. 16 (ብላቲን Benedict XVI) ናብ መሪሕነት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኬገልግሉ ካብ ዚጽዉዑ ቦኽሪ ዓመቶም መሊኦም። ድሕሪ ሞት ር. ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ 2ዊ (ሰነ 2, 2005) ካርዲናላት ምሉእ ዓለም ተካኢኦም ኪመርጹ ምስ ተኣከቡ (ሰነ 19፣ 2005) ንብፁዕ ካርድ. ዮሴፍ ራጺንገር ወዲ ጀርመን ኣብ 78 ዓመት ዕድመኦም መረጹ። ክሳብ እቲ እዋን ካርድ. ራጺንገር ኣብ ቫቲካን ከም ሓላፊ ክፍሊ ትምህርተ መለኮት ካቶልኪካዊት ቤተክርስትያን ኬገልግሉን፣ ድሕሪ ሞት ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ዊ ከም ጊዝያዊ ኣካየዲ ሥራሕ ስለዘጽንሑን፣ ካብቶም ኣብ ምርጫ ዝኣተዉ ዝያዳ ዚረኣዩ ኢዮም ነይሮም እሞ፣ ናቶም ምሕራይ ብዙሳ ኣየገረመን። ሓዲሽ ዝተመርጸ ጳጳስ ዚጽዋዓሉ ስም ኪቅይር ካብ ነዊሕ ዘመናት ዝጸንሐ ልምዲ ስለዘሎ፣ ራጺንገር "በነዲክቱስ"፣ ማለት "ቡሩኽ" ዚብል ስም ወሰዱ። ቅድሚኦም 15 ካልኦት ኣርእስተ ሊ. ጳጳሳት "በነዲክቱስ" ዝተጸዉዑ ስለዘለዉ፣ ንሶም "በነዲክቱስ መበል ፲፮" ወይ ኣቡነ ቡሩኽ መ. 16 ኪጽዉዑ ኣለዎም።

ዕድመ ዝደፍኡን፣ ወዲ ጀርመን ብምዃኖምን፣ ክሳብ ሽዑ ብዙሳ ዚረኣዩን ዚዛረቡን ስለዘይነበሩ፣ ጋዜጠኛታት ዓለም ንቤተክርስትያን ናብ ናይ ዝሓለፈ ዘመናት መንፈሳውነትን ኣረኣእያን ኪመልሱዋ ኢዮም ዚብል እምነት ነበሮም። እንተኾነ ኣብዚ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ፣

* ከም ጠባዮምን ርኢቶኦምን ደኣ እምበር ግድን ኣሰር ቅድሚኦም ዝነበሩ መራሒ ኪቀድሑ ከምዘይፍትኑ ኣርኢዮም፣

** ድሮ "በነዲክቱስ" ዚብል ስም ኪወስዱ እንከለዉ መልእኽቲ የመሓላልፉ ከምዝነበሩ ኣረዲኦም፣ ንሱ ድማ፣ ከምቲ ቅ. በነዲክቶስ (ኣቡነ ብሩኽ) ማኅበር መነኮሳት ኣብ ምዕራብ ብምፍላም ብመነኰሶም ገይሮም ድማ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ወንጌል ኪሰብኩን ምዕባሌን

ፍትወት ሥራሕን ኬሕድሩን ከምዝኽኣሉ፡ ከምኡ እዞም ብፅዕነቶም ኣቡነ ቡሩኽ ሎሚ ካብ ክርስትና ዚርሕቕ ንዘሎ ኤውሮጳን ምሉእ ምዕራባዊ ዓለምን ናብ መበቈሊኡ ኪምለሱ ሓዋርያ ኰይኖም ኪቐርብዎም መደብ ከምዘለዎም መልእኽቲ ኣተሓላሊፎሞሎም ማለት ኢዩ። በጋጣሚ ድማ ብወርሒ ነሓሰ መ. 20 ዓለምለኻዊ ዕለት መንእሰያት ኣብ ኮሎን (ጀርመን) ኪብዕል ስለዝነበሮ፡ ኣብኡ ተረኺቦም ንደቅ ዓዶምን ሰብ ሰሜን ኤውሮጳን መልእኽቶም ኬመሓላልፉሎም ዕድል ረኺቦም።

*** ንሓዲሽ ሓሳብን ኣቀራርባን ከምዘይፈርሕዎን ተቀዳዲሞም ከምዘይነጽግዎን ኣርኢዮም፡

**** ብትምህርቶም ሓደ ካብቶም ዝተራቐቑ ተመራማሪ ትምህርተ መለኮትን ፍልስፍናን እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ኣቀራርባኦምን ኣዘራርባኦምን ግልጺ ዝኾነ ማንም ኪርዶኦም ከምዚኽእል ገይሮም ብምቕራቦም ዓቢይ ኣድናቖት ኣትሪፎም ኣለዉ።

***** ብሕልፊ ከኣ ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ኣብ ዘውጽእዋ ቀዳመይቲ *"እግዚኣብሔር ፍቕሪ ኢዩ"* ዘርእስታ ኣዋዲት መልእኽቶም መንነቶም ኪገልጹ ክኢሎም። እዚ ድማ ኣብዛ መልእኽቲ እዚኣ፡ ብፅዕነቶም ዘተሓላልፉዎ መልእኽቲ፡ ኣብ ዓለም ቀንዲ ዜድሊ ናይ እውነተይና ፍቕሪ ርድኢትን ተግባርን ከምዝኾነ ኢዩ። "ኣምላኽ ፍቕሪ ኢዩ፡ ... ንሕና ከኣ ኣምላኽ ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ርኢናን ኣሚናሉን ኢና" ዝኾነ ጥቕሲ መልእኽቲ ዮሓንስ ከም መንቀሊ ሓሳብ ወሲዶም ይዝርዝርዎ እሞ፡ ናይ ኣምላኽ ፍቕሪ፡ ናይ ወለድን ዉሉድን ፍቕሪ፡ ናይ ሰብ ቃል ኪዳን ፍቕሪ፡ ወዘተ. ኣድቂቆምን ይዛረቡሉ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብግሪኽ ፍቕሪ ብሰለስተ ቃላት ይትርጎም፡ ማለት፡ ኤሮስ፡ (ሃረርታኡ ኬማልእ ዚፍትን ፍትወት፡ ብሉይ ኪዳን ግሪኽ 2 ጊዜ ጥራሕ ኪጥቀመሉ እንከሎ፡ ሓዲስ ኪዳን ብጥርሱ ኣይጥቀመሉን)፡ ፊሎስ (ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ ዕርክነት ኢየሱስ ምስ ሓዋርያት ዚጥቀመሉ ቃል)፡ ኣጋፐ (ሃረርታ ፍቱው ዜማልእ ፍቕሪ)። ኣብ ኣምላኽ ኤሮስን ኣጋፐን ክልቲኡ ይወሓሃድን ይማላእን እናበሉ ይገልጽዎ። ሰብ ግና ብኤሮስ ይጀምር፡ ኪበስልን ኪዓምቍን እንከሎ ግና ናብ ኣጋፐ ገጹ ኪቕየር ይጽዕር። ቤተ ክርስትያን ብጸዋዕታኣን መንነታን ኣብ ኣገልግሎት ደቃ ክትጽመድ ግድን ኢዩ። ምእመናን ኣብ "ትምህርትን፡ ኅብረትን፡ ኣንጌራ ምቍራስን፡ ጸሎትን" ክትጸምድ ተልእኾ ቤተክርስትያን ኢዩ።

ሓዋርያት ኣብ ኣገልግሎት ጸሎትን (ሊጡርጊያ = ማለት ሥርዓት ኣምልኾ) ትምህርትን (ከሪግማ = ማለት ኣብ ስብከትን ኣዋጅን) ኪጽመዱ እንከለዉ፡ ካልኡት ድማ ናብ ኣገልግሎት ረዲኤት (ዲያቆኒያ = ኣገልግሎት) ኪዋፈሩ ይሥርዑ። ዲያቆናት ኪኾኑ ዚጽዉዑ፡ ሰብ "መንፈስን፡ ጥበብን" ነበሩ። ማለት ጸሎትን መንፈስ ኣምላኽን ዚመልኦም ሰባት ነበሩ። ስለዚ ቤተክርስትያን ብደቃ ገይራ ኣብ ኣገልግሎት ብመንፈስን ብትምህርትን ብሥጋን ድኻታትን ስኡናትን ስንኩላትን ዝኾኑ ክትገልግል ጸዋዕታኣ ከምዝኾነ ኣብ ቀዳመይቲ ጳጳሳዊ መልእኽቶም ኬረድኡ እንከለዉ፡ ኣገልግሎቶም ናበይ እንዳ ጠመተ ይዓቢ ከምዘሎ የመልክቱልና።

ኣብ ናይ ፈለማ ዓመቶም ርክብ ምስ ምእመናን ኣብ ቀጽሪ ቅ. ጴጥሮስ ሮማ ኣብ ዜስምዕዎ መደረ፡ praying to God to grant that I may be a gentle and firm Pastor of his Church. *"ደንጋጽን ጽኑዕን ጓሳ ቤተክርስትያኑ ኰይነ ክርከብ ጸሎት ግበሩለይ"* ኢሎም ሓገዝ ምእመናን ሓቲቶም።

(http://www.vatican.va/holy_father/benedict_xvi/audiences/2006/documents/hf_ben-xvi_aud_20060419_en.html ርአ)።

"ዕቀቦ ለነ ለብዙኀ ዓመታት፡ ወለማአዋዕለ ሰላም፡ ከመ ይፈጽም ዘእምኀቤሁ ሎቱ ዘተኣመኖ ለሢመተ ክህነት ዘብዑለ ጸጋ ይጼጉ ኣግዚኣብሔር ኣምላክነ።"

"ናይ ክህነት ኣገልግሎት ኪፍጽሙልና እምነት ዘኀደረሎም ብሰላማዊ መዋዕል ንብዙኀ ዓመታት ኪዓቕረልና፡ ምእንቲ ጳጳስና ኣቡነ ብሩኽ ንጸሊ ኣሎና።"